## ኤርትራውያን ተቀማጠ ሃምቡርግ ሉቤክ ብረመን ኪልን ከባቢ ከተማታትን
## ጽምብል በዓል ናጽነት ኤርትራ
## ኣብ ከተማ ሃምቡርግ ብወዕውዕ ሃገራዊ መንፈስ ዛዚመሞ፥

ኤርትራውያን ተቀማጠ ሃምቡርግ ሉቤክ ብረመን ኪልን ከበቢ ከተማታትን መኸተ ኦም ዘሕይልሉ መርኣያ ሓድነቶም ከም ወትሩ ብሓብር ብዕለት 26.05.2012 ኣብ ከተማ ሃምቡርግ "ናጽነትና ክብረትና ! " ኣብ ትሕቲ ዝብል ጭርሖ መበል 21 ዓመት ጽምብል በዓል ናጽነት ኤርትራ ፡ ሕጻናትን መንእሰያትን ብብዝሒ ዝተሳተፍዎ ውዕውዕን ድሙቕን ሃግራዊ ጽምብል ኣካይዶም።

መደብ ብዓል ብዝኽሪ ሰማእኣታትን ብተመሃሮ ማሕበረኮም እተሰናየ ሃገራዊ መዝሙርን ብድሕሪ ምኽፋት ሸማግለ ማሕበራውያን ሓይልታት ብምኽንያት ጽምብል በዓል ናጽነት ካብ ኣምባሳደር ሃገረ ኤርትራ ተሳእከ ናይ ዮሃንን ረዚን ሃገራዊ መልእኽቲን ዝትሕዝትኡ ቃል ኢምባሲ ሃገር ኤርትራ ንተሳትፍቲ ጽምብል ኣሰምዐ። ሰዒቡ ተሳተፍቲ በዓል ኣብቲ በቶም ብስጡም ሓድነት መደብቶም ዝሰርው ኣባላት ማሕበረኮም ሽ/መኸተ ህ.ግ.ደ.ፍ. ሃ.ማደ.ኤ.ን መንእሰያትን ተመደበ ሰፊሕ ፕሮግራማት ምውሳእ ጀመሩ። ተቐበልቲ ሕድሪ ሕጻናትን መንሰያትን ውን ኣብ ተፈላልዮ መዳባት ጽምብል ብምስታፎምን ዓብይቲ ብውህደትን ልዙብ ምርድዳእን፡ ካብ ሃገረ ሽወድን ንኽብሪ ጽምብል በዓል ዝመጹ ድምጻያያንን ሰነ ጥበባውያንን ብዘቕረብዎ ድሙቕ ባህላውን ዘመናውን ዘማታት ነቲ በዓል ዓቢ ድምቀት ሂብዎ።

ኤርትራውያን ነበርቲ ሃምቡርግ ኪልን ሉቤክ ብረመንን ከባቢን ብንቐሓትን ብጽንዓትን ከይተሓለሉ ኣብቲ ብምምሕዳር ኣመሪካን ከደምቱ ወያኔን ከደዓትን ንምፍሻልን ኣብ ከተማ ሃምቡርግ ጥርኑፍን ጥሙርን ዕዉት ህዝባዊ መኸተ ብምክያድ፤ ኣብ ብ27 ሚያዝያ 12 ንዘይሕጋውን ዘይፍትሓውን እገዳ ንምፍሻል ኣብ ከተማ በርሊን እተኻየደ ሰፍሕ ሰላምዊ ሰልፊ ምንሕያልን ዕዉት ንኽኼውን ዓቢ ግደ ዝኸፈሉ ሃገራውያን፡ ሕጂ’ውን ሕጂውን ከም ትማሊ መኸተኦም ዕዉት ኮይኑ ንኽወጽእ ኣብ ጎኒ ህዝቦምን መንግስቶምን ኮይኖም ንዝመጸ ተጻብኦታት ብስጡም ሓድነትን ጥሙር ሓይልን ከም ዝምክትዎ ኣብዛ ኽብርቲም ረዛንን ዕለተ ልደት ሃገራዊ ናጽነት ቃሎም ብምሕዳስ ፡ መደብ ጽምብል በዓል ናጽነት ኤርትራ ኣብ ከተማ ሃምቡርግ ብፍሉይ ድመቀት ተዛዘመ ።

ዓወት ንሓፋሽ
ሕጂውን ከም ትማሊ መኸተና ዕዉት ኮይኑ ንኽወጽእ ቃልስና ቀጻሊ
ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰውኣትና

ሸማግለ ማሕበረ ኮም ከተማ ሃምቡርግ ከአባቢኣን
ሸማግለ መኸተ ከተማ ሃምቡርግን ከአባቢኣን
ሸማግለ ህ.ግ.ደ.ፍ.ን ሃምቡርግ
ሸማግለ ሃ.ደ.ኤ.ን ሃምቡርግ

ከተማ ሃምቡርግ ዕለት 26.05.2012